

# ግስ

ስም ተውላጠ ስም - ቅጽል ዘማእከለ
ካብ ሕጊ ሰዋሱው - “ግስ” ዝፈንቀለ
ብርኺ ካብን ናብን - ዓዲ ዘውዕለ
ብርሃን ዝጎደሎ - ኣዒንቲ ዕንጉለ
ብጽላሉ ዝምካሕ - ቃንጥሻ እጉለ

ግስ መስተጻመር - ኣንጊሆም ምስ ወጹ
ብቓልኣጋኖ - ዝነብር ኣጊጹ
ሓንቲ ከይሓዘ - እግሪ ከም ኣረነ
ሰኣን ሚእቲ ይብል - ከም ዓራጃጂነ

ንፋስ ስግር ባሕሪ - ንርሑቅ ከማዕዱ
በረካ ሰፊሩ - መሮሮ ለሚዱ
ብሕልሚ ዝዛወር - ኣካል ብድቅሱ
ሰኣን ምብርባር - ጠፍእዎ ፈውሱ

ኮፍ ምስ መረጸ - እግሩ እንዳቀየደ
ነብሱ ፍርፍር ኢሉ - ከም ስጋ ዝተሓርደ
ንፍርፍርታ’ውን - ሃሎዋት ኢልዎ
ኣቱም ሰብ ኣእምሮ - እስኪ ፍረድዎ
ሰባዓታት ኣትዩ - ሓሊፉ ንኣርብዓ

ገና ብሕዝሉ - ከም ተወልደ ቆልዓ

ሞት መሪጹ - ከም ቑርዲድ ጠቢቁ

ክሳብ ዝመጽእዎ - እቶም ዝጣበቁ

መንእሰይ ኣጆካ - ወንካ ኣይተህድም

ሃገር እኮ የብላን - ብዘይካካ ትርጉም

ዝጽመር ጸሚርካ - እግርካ "ኣገስግሶ"

ዝጠፍኤ ህዝብካ - ናብ ቤቱ ምለሶ

ኣይ ንሓደን ንኩልና

ርሑስ በዓል ምስጋና

ግስ (verb) = action

**መረጸ ኣስመላሽ**

November 23, 2016